**Pater Stella Unterstützerverein des Bogos-Landkreises e.V. (Eritrea)**

**እኽር ስተላ መቅርሕ ካበኒኾ ደገፒ በጐስ ረሊ ።**

29.05.2010

ኣዚኹም ዝኸበርኩም ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ማርያም የዕብዮ ፣

ብዙሕ ዝኸበርኩም ካህናትና ፣

ክቡራት ኣሓትን ፣ ክቡራን ኣሕዋትን ፣

ምዉቕ ሕውነታዊ ሰላምታ ድሕሪ ምትሕልላፍ ፣ ምስ ማኅበርና ከነላልየኩም ኣፍቅዱልና ።

<u>ስም ማኅበርና</u> ፣ `ፓተር ስተላ ኣብ ገጠራትን ከተማታትን በጐስ ` ይብሃል ። ብዕለት 05.04.1993 ኣብ ሽቱትጋርት ጀርመን ተመስሪቱን ብቤት - ፍርዲ ምምሕዳር ኣውራጃ Baden Württemberg ተቀባልነትን ተፈላጥነትን ረኺቡን ።

<u>ዕላማኡ</u> ፣ ምትሕብባር ኣብ ዳገመ - ሕንጻ ገጠራትን ከተማታትን በጐስ ( ሰንሒት ፣ ዓንሰባ ኤርትራ) ኢዩ ምትሕብባር ኣብ ውጥን ማይ ፣ ኣብ ውጥን ቤት- ትምህርቲ ፣ ምትሕግጋዝ ናውቲ - ሕክምናን መጋበሪታቱን ፣ ምትሕብባር ኣካለ - ስንኩላንን ፣ ምዕቃብ ባህልን ቋንቋን ዝዓለመ ኢዩ ።

ማኅበርና ብንዋትን ንያትን ዓቅሙ ብዘፍቀዶ ኣብ ክሊ ኤጳርቅናና ዝተሓባበሮም <u>ንእሽቱ ውጥናት</u> እዞም ዚኸተሉ ኢዮም

| | | |
|---|---|---|
| ክልተ ክፍልታት ኣብ ሓሊብመንተል ዓጸደ - ሕጻናት ፣ ቤት-ትምህርቲ ስፈት | ብ30.07.1994 ኣሕኒጹ ፣ ስራሑ ጀሚሩ | 17338 DM ተከፊሉ |
| ንጸገም - ማይ ኣሸራ መቃለሊ | ብ30.03.1993 ተላኢኹ ፣ በጺሑ | 1500 DM ተኸፊሉ |
| ንናውቲ ቤት - ትምህርቲ ደረቐ | ብ30.03.1993 ተላኢኹ ፣ በጺሑ | 1000 DM ተኸፊሉ |
| ሓደ ንእሽቶ ሞቶር ማይ ንኤጳርቅናና | ብ22.10.1999 ተላኢኩ ፣ በጺሑ | |
| ክልተ ዓበይቲ ሞቶር ማይ ንኣሸራ | ብ22.10.1999 ተላኢኹ ፣ በጺሑ | |
| ዝተፈላለዩኣንሶላታትን ናውቲ-ሕክምናን መመርመሪታቱን ናብ ቤት/ሕ ከረን | ብ8.08.2002 ተላኢኹ ፣ በጺሑ | 2 ሚልዮን ናቕፋ ዝትመን |
| 20 መናብር ኣካለ ስንኩላንን ቤት ሕክምና ከረን | ብ8.08.2002 ተላኢኹ ፣ በጺሑ | " |
| 55 ኣእማን መድሃኒት ተመን ናብ ዝተፈላለ ዓድታት ፡ ኣብ ቀኣምስናታት | ብ8.08.2002 ተላኢኩ ፣ በጺሑ | |
| 01 ኣውቶቡስ ንቤት ሕክምና ከረን ፣ ንደቅንስትዮ ሰራሕተኛታት ኣብ ሕላፍ ሰዓት ለይቲ ናብ ኣባይተን ተብጽሕ | ብ16.11.2003 ተላኢኻ ፣ በጺሓ | |
| ንቤት -ትምህርቲ ቀሮትነጃር ሓገዝ | ብ1.04.2006 ተላኢኹ ፣ በጺሑ | 2500 € ተኸፊሉ |

<u>ዑደት ነፍሰ - ኄር ብፁዕ ኣቡነ ተስፋማርያም ብጥቅምቲ 1997 ዓ. ም.ፈ ፡ መደብ ምሕናጽ ሓዲስ ደብረ - ኣድባራት ቅ.ሚካኤል ከረን</u>

ብበዚ ሕንጻ ዚምልከት ፡ ክልተ ኣኼባታት ፣ ኣብ Stuttgart ፡ ኣብ Schwalbach Taunus ጀርመን ብዝተኻየዱ መሰረት ፣ ኣባላት ማኅበርና ፡ ከም ነፍሲ - ወከፍ ወዲ(ጓል) - ዓዲ ፡ ግብኡ/ ግቡኣ ከምዘማልአን ፣ ሎሚ እንተኾነ'ውን ናብ ምምላኡ ፣ ብውልቂ ከንተሓባበር ድልዋት ምዃናን ነረጋግጽ ኣሎና።

ኣዚኹም ዝኸበርኩም ብፁዕ ኣቡነ ኪዳነ ማርያም ፣

ኣብ መዘከር ጉዕዞ 14 ዓመት ኤጳርቅናና ጥርኑፍን ፣ ምሉእ ዝትሕዝቶኡን ብሩህን ብምቅራብኩምን ንዝተሓባበሩን ዚተሓባበሩ ዘለዉን ኣሕዋት ምምስጋንኩምን ምትብባዕኩምን ፡ ብልቢ እናኣመስገና ፣ ማኅበራት ኤጳርቅናና ፡ ኣብ ዓድን ወጻእን ዚርከባ'ውን ፣ ይውሓድ ይብዛሕ ፣ ብተዘዋዋሪ ወይ ብቀጥታ ቅሙጥ ሓይሊ (ሕዛእቲ) ኤጳርቅና ስለዝኾና ፣ ስመን ከዝከር ዝሓሸ ነሩ ።

ብዝተረፈ ከውንነትና ኣብ ግምት ብምእታው ፡ ኣምላኽናን ኣላህናን ሒዝና ፡ ብውህደት ሓቢርና ከነብርን ደብርና ከንሓንጽን ፡ ኤጳርቅናና ከንተሓጋገዝን ሓላፍነት ኩልና ዩ ።

ሰናይን ዕዉትን ተጋብእ ንምነየልኩም ኣሎና !

ሽማግለ - ማ. ም. ፓ.ስ.Stuttgart Germany

ከታም ኣቦ - መንበር ---------------------- Tecleyohannes [signature]